

## ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት

## ጀርመን!! ዕለት 31.10.2018

ዶክተር ኣቢይ ናብ ሃገር ጀርመን ክምጽእ ምስ ተባህለ፣ ብናይ ኤርትራውያን መዴያታት ደለይቲ ፍትሒ፣ ጎስጋስ ክግበረሉ ዝቀነየ ሰላማዊ ሰልፊ ትማሊ ዕለት 31.10.2018 ብውዕውዕ መንፈስን ንድሪን ዝተሓወሶ ብኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ተኻይዱ። እቲ መንፈስ ሰላማዊን ሩጉእን እካ እንተነበረ፣ ንሕዋትና ኢትዮጵያውያን ነፍስወከፍ ናብ ኣዳራሽ ዘምርሑን ዝነበሩ፣ ዕላማ ናይ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገልጽ ብጽሑፍ እናተዓደለ ሓደ ሰብ ከይተርፍ ጉዳይና ኩሉ ክፈልጦዎ ኣለዎም ብዝብል መንፈስ ተበጊስና፣ ንቡዙሓት ድሕሪ ምዕዳል፣ ሓያሎት ኢትዮጵያውያን ብኣካል እናመጹ ብምሕታት፣ ንሕናውን ይርዳና እዩ ፣ዕድል እንተረኺብና እውን ንዶክተር ኣቢይ ክንሓቶ ኢና ብዝብል፣ ብቁንዕ መንፈስ ይጎልጹልና ነበሩ።እቲ ንህቦን ንገልጾን ዝነበርና፣ ኩነት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ፣ ዶብና ክሕንጸጽ። እቲ ዝግበር ስምምዕ እውን ንህዝብና ዘማእከለ ክኸውን ኣለዎ፣ ወዘተ እዩ ዝብል ዝነበረ።

እንባርከስ ኩቡራት ኣንበብቲ እዚ ኣብ ታሕቲ ትሪእዎ ዘለኹም ስእሊ ንስቱትጋርድን ከባቢኡን ወኪሉም ናብ ዶክተር ኣቢይ ከይዶም ኣይንድመርን ኢሎም ክጭድሩ ዝዋዓሉ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ እዮም ። እዚ ነቶም ስቱትጋርድን ከባቢኣን ኣብ ገዞኦም ታዓጽዮም ማዓንጣ ኮብዶም ሕርር ኢሎም ዘለው ኤርትራውያን ዘማእከል እዩ ። ኣብዚ ጹንኩር ኩነታት ሃገርና ዘይምክፋሎም ጋና ካብ ራዕዲ ህግደፍ ዘይተላቀቁ ኤርትራውያን ሰለ ዘለው ኮይኑ፣ገለ ድማ ትማሊ ትማሊ ንጸርፎም ዝነበርና ከመይ ገርና ምስኦም ንጋዓዝ ዝብል ኣይሳኣኑን፣እዚ ኣታሓሳስባ ንሃገርና ስለ ዘይጠቅማ ሎሚ ዝድለ ኣባይ ንጽናሕ ብዘየገድስ ከመይ ገርና ሃገርና ካብ ሓደጋ ነድሕን እዩ ጉዳይና። ሎሚ እቶም ኣብ ደምበ ፍትሒ ዘይካፈሉ ኤርትራውያን ጉልባቦ ቀሊዖም ነዛ ሓላል መሬየትና በሻሓት ዘሰዋእናላ ብሉጻት ደቂ ሃገር ዝኸፈልናላ፣ ንብረትና ድሕሪ ሃገርና ብምባል ቆሪጾም ክትስኡ ሃገር ትዕድሞም ኣላ። ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ስደት ንነብር ብሓንሳብ ምስ ንላዓል ፣ ህዝብና ኣብ ጎኑ ከም ዘሎና ተረዲኡ፣ ከም ዝልዓል ኣይጣራጠር። ሎሚ እንትርፎ ሕልና ዘይብሉ ክስምዖ ዘይክእል ኤርትራዊ ኣሎ ክብል ኣይክእልን።





ኣባል ማሕበር ስቱትጋርድን ከባቢኣን

ሚካኤል ኣሳስቲኖ። 02.11.2018